## ደቂ-ኣንስትዮና ሕጂ ውን ብኣኻን

ዝኸበርክን ኣሓት፤ ኣደታት፤ መዛኑ፤ክምኡውን ደቀይ 8 መጋቢት መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ 2019 ከተጸንብላ ከለኽን፤ ካብ ኩለን ዝሓለፋን ብሕጂ ዝስዕባን ጽንብላት ፍልይቲ ወይ ታሪኻዊት ዝገብራ ኤርትራና ኣብ ጻዕረ-ሞት፤ ህዝባ ድማ ስንባደን ቀቢጸ-ተስፋን ዓሲልዎ ነብሱ ወዲቡ ሓድነት ተቐኒቱ ክምክት ዕኒይንይ ኣብ ዝብለሉ ኣገዳሲ ህሞት ብሙኻኑ ኢዩ።

ክቡራት ! ተራኽን ኣብ ሕ/ሰብ ይርድኣኒ ጥራሕ ዘይኮነስ ተሞኩረይ እውን የረጋግጾ፤ ካብ ብዙሕ ገለ ብኸፊሉ ክጠቅስ ደስ ይብለኒ፤ ንኣብነት ናይ ኣደይ ወላዲተይ ዕማምን ዝረኸበቶ ሞሳን ንርኤ፤ ኣደይ ንዓይ ትሽዓተ ወርሒ ኣብ ከብዳ ጾይራ፤ ሰለስተ ዓመት ኣብ ዝባና ሓዚላ፤ መልሚላ ኣምሂራ ንሃገር ክጋደል ኣብቅዓትኒ; እዚ ጥራሕ ውን ኣይኮነን ነቲ ገድሊ ዓንጊላ ሰሪሓ። ክሓትት ይፈቀደለይ ኣደይ ዲያ ዝያዳ ተጋዳሊት ዋላ ኣነ ውላዳ ? ጸማኢ እንታይ ኾነ? ከም ትፈልጥዎ ኣደይ ከም ኩለን ኣደታት ኤርትራ ተናዒቃ፤ተገፊዓ፤ሓሲራ፤ወላድ-መኻን ኮይና ሞሳን ተስፋን ስእና ምስ ትንፋሳ ኮላ ሞተት ዓሰርት-ሞትዶ ኣይኮነን? ሕያዋይ ዳኛ ምስ ዝርከብስ ምስ ተፈረድኩ ይመስለኒ፡ ብተወሳኺ ዕማምክን ኣብ ሜዳ፤ ኣብ ከተማ፤ ኣብ ሰላም ኣብ ውግ እ ብኣካል ርኤዮ፤ ተዓዚበዮ ንባዕሉ እቲ ጣልማይ ከዳዕ ብኣኻን ዝነበሮ ኣድህቦ ውን ተዓዚበ። እዚ ኹሉ ሞያኽን ዕማምክን ደረተ- ኣልቦ ሙኻኑንምድህሳስ ኢዩ ኔሩ። ብርግጽ ግን ዕማምክን ኮነ ተራኽን ኩሉ ኣብ ሕ/ሰብ ክዝርዝሮ ብቅዓት የብለይን፡

ይኹን እምበር ዝዓበኽን ኣደታተይ ዝነኣስክን ኣሓተይን ከምኡውን ደቀይን ኣብቲ ክትገብርኦ ትኽእላ ተኣማሚነ፤ ኤርትራና ክትድሕን፤ ከቢብና ዘሎ ጽልመት ክቕንጠጥ፤ ዘዕነኒ ሰሬኡ ዝፈትሖ ግቡኡ ዝዘንግዔ ውላድኪ፤ በዓል-ቤትኪ፤ ሓውኺ፤ ኣያኺ ከምኡ ውን ብዙሓት ንኡዳይና ኣጋይሽ ዝኾና ንብሎን ንገብሮን ዘይንፈልጥ ኣሎናሞ ብትሕትና ሰሚርክን ኣስምራና ኢለ ከላቦ ኣፍቅዳለይ።

በዓልክን 8 መጋቢት 2019 በዓል ደቂ-ኣንስትዮ ጥራሕ ዘይኮነትስ ኣብ ትንሳኤ ኤርትራን ኤርትራዊነትን እውን ዓቢ ክብሪ ክትሕዝ ኢያሞ

ምሉእ ዓወት ንጽንብል 8 መጋቢት ፍራከፎርት!!

ብተሳትፎኽን ኩሉ ሽግር ክስገር ኢዩ!!!

ክብርን ዝኽርን ስዉኣትና ነዕቑብ!!!

ኣኽባሪኽን ሃገራዊ ኣፈወርቂ እምሃ ሃገረ-ኣውስትራልያ 27/02/2019

# ቓልዓለም ጾምካ የሕድር

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ብኤርትራን ኤርትራዊነትን ትኣምኑን ትእመኑን፤

ሰላም፤ ሰላም። 2019 ዓመተ-ገምጋም ዝሓለፈ ጉዕዞናን፤ ምድላው ቐጻሊ ቃልስናን ንግበሮ

ዝኸበርኩም ! ኣርእስቲ መልእኽተይ ቓልዓለም ጾምካ የሕድር ኢለ ሰሚየዮ፤ ከመይ እቲ ቓልዓለም ዝብል ንድኸመትና ብዝምልከት ገላጺ ኮይኑ ተሰሚ ዕኒ፤ ብዝኾነ ቓልዓለም እቲ ብተለምዶ ንእትደልዮን ትፈትዎን ወይውን ንእትጸልኦን ዘሰከፈካን ከይገበርካዮን ከይበልካዮን ምስ ትሓልፍ፤ የጣዕስ ጥራሕ ዘይኮነስ ነባሪ-ጉድ ኣት (ሳዕቤን) ውን የኽትል። ጠንቁ ከይብሉኒ፤ ፍርሒ፣ ጉርሒ፣ ሽለልትነት ወይ ግብዝና፡ስሰዔ ወይ ነብሰ-ፍትወት፡ ከም ኡውን ብሰንኪ ዓቕምን ኣፍልጦን ወዘተ ክኸውን ይኽእል እዩ። ርግጸኛ ኢየ ብዙሓት ካባና ብውልቀ ደረጃ ካብ ፍቅሪ፤ ጥቅሚ ብሰንኪ ቓልዓለም ካብ ንደልዮ ፤ንፈትዎ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ከምዝተረፍናን ከምዝተጎዳእናን። እሞ ድኣ እዚ ቓልዓለማዊ ልምዲዚ ኣብ ሃገራዊ-ሓላፍነት ወይ ግደታ ከይተረፈ ክዝውተር ከሎ ግን ክሳብ ክንደይ ሃሳዪ ሙኻኑ ናይ ኤርትራና ኣተሃላልዋ ገምግምካ ንምርድኡ ይከኣል ይመስለኒ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ንሕና ኤርትራውያን ነቲ ዋጋ ፍረ-መስዋእትና ዝኾነ ናይ ምንባር መሰልና ከነኽብር ኣይከኣልናን፤ ንግዝ ኡ ፈሺልና፤ ተሳዕርና፤ብሰንኪ ከንብሎን ከንገብሮን ዝግብኣና ብዘይምግባርና ብኻልእ ኣዘራርባ ብሰንኪ ቓልዓለም። ወዲ-ሰብ ዝዘርኦ ጥራሕ ኢዩ ዝዓጽድ። ጉዳይና ብዕቱቡነት ኣይሓዝናዮን፤ ስለዚ እቲ ጸገም ወይ ሽግር ንሕና ባዕልና ሙኻንና ኣሚናን የእምናን፤ ነብስና ንምፍታሽ መስትያት እንደልየሉ ህሞት ኢና ዘለናዮ እሞ ነብሲ-ወከፍና ከም ደቂ-ዜጋ መጠን ከምኡ ድማ ዝተወደብና እንተድኣ ኔርና ናይ ውድብና ጉድለትን ሕጽረትን እንታይ ኔይሩ ንምፍታሽ ብዘይ ቓልዓለም ንበገስ።

ብዝኾነ ንሎሚ ብዘይ ቓልዓለም ኣብ ኣተሃላልዋና (ከም ኤርትራን ኤርትራዊነትን) ኣመልኪተ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ፤ ውልቀ-ር እይቶይ ሙኻኑ፤ እንተ ተጋግየ ክእረም፤ እንተጎደለኒ ድማ ክትምሉኡለይ ከማሕጽነኩም ይፈቱ። ዓለም ትንበር ወይ ህይወት ምልእቲ ትኸውን ናይ ምምልላእ ድልየትን ዓቅምን ምስ ዝህሉ ኢዩም፤ ሓቦ ንግበር ብዘይቓልዓለም ምውሳእ ንልመድ ንለማመድ፤ ኩሉ ዓቅመ-ኣዳም ዝበጽሔ ወዲ-ዜጋ ብቑዕ ተመኩሮን ተኽእሎን ከም ዝውንን ኣይንስሓት፤ ካብ ድቃስና ንበራበር ብኽባቢናን ዓለምናን ቀናኣት ንኹን።

ኣንበብቲ ! ኤርትራን ኤርትራዊነትን ዝሓለፎን ዝሓልፎ ዘሎ በብመድረኹ ክጠቅሶ፦

I ቅድሚ 1961 ዝነበረ መድረኽ፤ መኸተ ኣንጻር ትግራይ መሳፍንቲን ምስ ዝተፈላለዩ ገዛእትን፤ ምቅራጽ -ኤርትራን መንነትን፤ ዝሰዓበ ፖለቲካዊ-ቃልስን፤ ፈዴራላዊ-ጽምዶ ከም ሓንቲ ነጻ ሃገር ምፍራሱን፤

II 1961-1991 መድረኽ መሪር ብረታዊ ቃልስን ዓወቱን፡

III 1991-2018 መድረኽ ዘመነ ጽልመትን ጥልመትን፡

IV ካብ ዘለናዮ 2019 ጀሚሩ ዘመነ ሓድንትን ትንሳኤን።

እዞም ጠቅሰዮም ዘለኹ ሰለስተ መድረኻት (I; II; III ) ነናይ ገዛእ ርእሶም ፍልዩነትን ሕልኽላኻት ክውንንታት ዝነበርዎም ኮይኖም ዝርዝሮም ኮነ ትራኼኣም ንጸሓፍቲ ሓቐኛ ታሪኽ ገዲፈ፤ኣድላዪ እንተድኣ ኮይኑ ድማ ኣብ ግዜኡ ይኸውን፤ሕጂ ግን ኣብዚ እዋናዊ መድረኽ ጥራሕ ክቶክር ፍቐዱለይ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ሓቂ ኢዩ መራሒን መኻሪን ዝሰኣነ ህዝቢ፤ ሽግርን መከራን ምስ ዝገጥም፤ ኣብ ከንዲ ጸላኢኡ ኣለልዩ ሽግሩ ዝፈትሕ ኣብ ነንሕድሕዱ ይናቖት፤ ይበላላዕ፤ ኣብ ሕልፈት ይበጽሕ። ሕልፈትና እንታይ ይመስል ምትንታኑ ዘለናዮ ህሞት ስለዝኾነ ምድግጋሙ ኣድላዪ ኣይመስለንን። ብዝኾነ መራሒን መኻሪን ዝስኣነ ህዝቢ. ዋላካ ድሌቱ እንታይ ሙኻኑ እንተ ፈልጦ፤ብሰንኪ ጸላኢኡ መን ሙኻኑ ብግቡእ ዘይምልላይ፤ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ዘይምፍላጡ፤ ከዕዘምዝም ከማረር ክእሰር ክቅተል ስድርኡ ዓደ-ብኡ ገዲፉ ሃጽ ኢሉ ይጠፍእ፤ ጠፊኡ ኣብ ዝኸዶ ቦታውን ጸላኢኡ ብሰንኪ ዘይምፍላጡ ምስቲ ዝረኸቦ ወዲ-ሃገሩ ሰላም እህን-ሚህን ኣይህልዎን፤ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ኣብ ትሕተ-ሃገር ዝኾኑ ዛዕባታት ግዜኡ ዘይሓለወ ሕቶታት የልዕልሞ ጸላእቲ የፍሪ፤ቅጽል-ሽም ይወሃብን ይህብን፤ እዚ ኹሉ ብሰንኪ ንዕላማኡ ንምዕዋት ናይ ጸላኢኡ እንታይነትን መደቡን ምዝንጋዕ፤ ዘገልግሎ ክለሳ-ሓሳብ ብዘይ ምውናኑ፤ ቀዳምነታት ዘነጸረ ሜላ ወይ እስትራተጂ ናይ ቃልሲ ዘይምቅላሱ፤ወ..ዘ..ተ ክኾኑ ይኽእሉ ። ኣብ ኣላሽነትን ቐቢጸ-ተስፋን ኣብ ዝኸፍኤ ምርጫ ይወድቁ፤ መሬት ዓደብኦም ለቒቆም ኣደዳ ስደትን መከራን ይኾኑ።

እዚ ከውንነትዚ ኣብ ኤርትራና ብዝኸፍኤ መልክዑ ብደረጃ ሕልፈት በጺሑ / ኮይኑ ይርከብ፡ እጃምና እንታይ ነይሩ ብዘየገድስ ኩልና ብኤርትራን ኤርትራዊነትን ንኣምን ተኸሽፍና፤ ወድቕና፤ ታሪኽ ኣይምሕርን ይኹንነና ኣሎ። መሬት እቲ ጅግናን እታ ዋዕሮን እዚ ከገጥም ንብዙሓት ጎረባብቲን ዓለምን ኣገሪሙ ይርከብ። ሰብኣዊ /ሃገራዊ ኒሕ ይሃልወና!!!

ኣብ ዝሓለፈ " ምእንቲ መንን ኣንጭዋ ትሕለፍ " ዝዓይነቱ ምስምስ ዘርኣና ውሑዳት ኣይነበርናን፤ ግን እታ ኣንጭዋ ብዘይ ሸለግ-መለግ ኣዳዕዲዓ ሓሊፋስ ነታ መንነውን ለኪማታ (ሒዛታ ከይዳ)፤ እዚ ኹሉ ኸኣ ብሰንኪ ጉድለትናን ሕመቅናን ፤ ከዳዕ "ሰብኣይን ሰበይትን ዝተባእሰሉ መኣዲ" ረኺቡ። ብዙሓት ካባና ምስ ከዳዕ ካብ መፈለምታ ምእንቲ ሓልዮት ሃገር ዘይኮነስ ስልጣን ከዳዕ ንምሕላው ከሳብ እዚ ሰዓትዚ ነመኻኒን ንመጻደቕን ኣሎና፤ ግን ኡሮማይ! ግዜ ጽልግልግ ተወዲኡ መርገጽኩም ኣንጽሩ፤ጥቕምኹም ምስ ከዳዕ እንተኾነ ድማ ረጎደ ኣብርሀዎ።

እዚ ተኸሲቱ ዘሎ መድረኽ ከምቲ " ቐዳዊኻ ሞት፤ ነቃልኻ መርዓ ኣሎ "ዝብሃል ብኣሉታ ጥራሕ ከርኤ የብሉን፤ ኣጋጣሚ ኣወንታ ከም ዘለዎ ኣይንዘንግዕ ፤ንዓና ጽቡቕ ኣጋጣሚ ብሙኻኑ ንጥቀምና ከነውዕሎ ንስራሕ። ድሮ ወደ-ኣንበሳ ጆል-ዋዕሮ ተበጊሶም።ደጊም ሓላፍ-ዘላፍ ዝነበረ ርድእትና ግዜኡ ኣኺሉ ተሰተኻኺሉ ፤ ብሓድነት ማእዶ ተጠሚርና ንስውኣትና ቕሰኑ ንበሎም።

ሕጂኸ !!! እንታይ ኢዩ እቲ ምርጫ ? ምንባር ከሳብ ዘሎ ቃልሲ ከህሉ ዝንተ-መንታዊ ሓቂ ኢዩ፤ ንርከቦ ኩነታት እንታይ ይመስል ብዘየገድስ፡ ቃልሲ ብዘይ ጥርጥር ቐጻሊ ካብ ኮነ፤ ብፍላይ ንዓና ከፈልቲ ዘይተኣደነ ዕዳ።

***ብዘይ ቕልዓለም ዝሓለፈን ዘሎን ጉድለትናን ሕመቕናን ከንፍትሸ ከንምሃርሉን ኣብ ውሽጥና ትኩረት ንግበር፤ ገይም ኦቨር ( GAME-OVER )ንዓና ነቶም ብኤርትራን ኤርትራውነትን ንኣምን ሙኻኑ ተረድ እና ግብረ-መልሲ ብዘይቕልዓለም ንሃብ፤ ኣሎና ንበል!!***

***ንፍቶ-ንጽላእ ኣብ ካልእ ዘይተጸበናዮ መድረኽ ኣቲና ብምህላውና፤ እዚ ናይዚ መድረኽ ከስተት ከቢብዎ ዝርከብ ኩነታትን ብኹሉ -ሸንኹ ተጸኒዑ፤ ንዕኡ ዝበድህ ምድላዎት ምግባር፤ ናይ ቀረባን ርሑቕን መደብ ምንዳፍ ወ...ዘ...ተ።***

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣንበብቲ እንታይ ንግበር ዝብል ሕቶ ኣብዚ ደው ኣቢለ ብዛዕባ ኣብዚ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ኮታ ተደሚርና ምስ ተባህለ ዝኾነን ዝኸውን ዘሎን ተርእዮታት ኣሕጽር ኣቢለ ዝመስለኒ ርእይቶይ ከህብ ፍቐዱለይ።

ሰላም መጺኡ ሰላም ኮይኑ ተባሂሉ ዳንኬራ ይግበር ኣሎ፤ ሰላም ደለይቱን ደግፍቱን ኢና፤ እንተኾነ ግን ንባዕልና ሰላም ምስ ሃለወና ብውክልናናን ተሳትፎናን ምስ ዝረጋገጽ ሓቐኛ ሰላም ከስራሕ ይከኣል፤ እዚ ምስ ዘይኮውን ግን እዚ ዝድረፍ ዘሎ ሰላም ከዕወት ይኽእል ኢዩ ዝብል እምነት የብልናን። ድሓር ድማ ሰላምና ንዕደሎ ህያብ ከምዘይኮነ ኣርግጽና ንርዳእ ከምይ፡ ንሰላም ብኣሽሓት ኣማኢት ዝቐጸሩ ሙሩጻት ቀያሕቲ ስለ ዝኸፈልናሉ።

ወያኔ ወያኔ ጸላኢ እናበልካ ምግዓር ገዲፉ፤ እቲ ሰላም ዝብሎ ንወያኔ ከመይ ዘይምልከቶም ? ወይስ ንከዳዕ ጉዳዩ ከየሰላስል ንግዜኡ ዕንቅፋት ኮይኖም ? ብርግጽ ዶ/ር ዓቢዪ ኣሕመድ ብምስለነ ከዳዕ ኣቢሉ ናይ ኤርትራ ኣምሓደርቲ ክሰድድ ኣይከኣለን፡ ወያኔ ኮነ ህዝቢ ትግራይ ምእንቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ ምእንቲ ክብሮምን መሰሎምን ኢዮም ደው ዝበሉ፤ እንተ ድኣ ዝብልዎ ከተግብርዎ ኮይኖም፤ብኻልእ ኣዘራርባ ሕትኦም ሓቐኛ ሰብኣዊ-መሰል ዘኽብር ኮይኑ ንሕና ኤርትራውያን ምስ ንኽእል ናይ ጸላእና ጸላኢ ፈታዊና ዘይኮነሉ ምኽንያት የልቦን፤ ከመይ ቕዋሚ ጥቕሚ እምበር ቕዋሚ ጸላኢ የብልናን፤እቲ ታሪኽ ከምዝሕብሮ ግን እቲ ሽግር ኣረጊት ሃልኪ ኣብ መንን ሽዋን ኣኽሱምን ኢዩ ዝምስል፤ እዚ ጉዳይዚ ንዓና ንኤርትራውያን ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ስለዝኾነ ዝምልከተና ኣይኮነን። ከም ነፋሕቶ ሕብሩ ክቕይር ዘይስከፍ ከዳዕ መዋፈሪኡ ከም ዓዲ ብሃሎ ዓዲ-ግራት ውይ ራማ ይገብሮ ይኸውን ድሓር ድማ ብሕጂ ዘገልግልዎ ብዘይካ ወያኔ መን ከይረከብ፤ መቀለ ከይዱ የሔድሶ ይኸውን፡ ባዕሉ ጸላኢና ንሱ ዝፈጠሮን ጽልእን ጥራሕ ኢዩ ነይሩ፡ደጊም ከዳዕ ኮነ ሰዓብቱ ጸላኢና ፈታውና ከሕቡሩና ከም ዘይንጽበ ንጹር ክኸውን ይግባእ። እንተ እቲ ዞናዊን ኣህጉራዊን ኩነታት ካብ ዕለት ናብ ዕለት ከንከታተሎን ከንረብሓሉን ከም ዝግብኣና ፈሊጥና ከንሰርሓሉ ካብ ዝግብኣና ሓደ ኣገዳሲ ጉዳይ ኢዩ።

ዶብ ወሰን-ኣልቦ ተኸፊቱ ዓቕሉ ዝጸበበ ኤርትራዊ ተሰዲዱ፤ ስደተኛ ከም ወዲ-ሃገር መሰል ከህልዎ ዝብል ኣዋጅ ብቤት ምኽሪ ኢትዮጵያ ተሓቢሩ፡ እዚ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኮነ ኢልካ ዝተዋደደ ሽርሒ ኢዩ ከመይ፡ ከዳዕ ዝኾነ ይኹን እፎይታ ንህዝቢ ኤርትራ ክፈጥረሉ መደብ የብሉን፤ ስልዚ እግሪ ዘለዎ ንኢትዮጵያ ከሰግር፤ ኤርትራዊንቱ ከሓድግ፤ ብኸብዱ ከጥበር ኢዩ እቲ ተንኮል። እቲ ኢትዮጵያዊ ንባዕሉ ኣብ ዝደልዮ ቦታ ኢትዮጵያ ከነብር ዘይከኣለ፤ኣምሓራይ ካብ ቦታ ኦሮሞ፤ ትግራዋይ ካብ ክልል ኣምሓራ ኮነ ኦሮሞ እናተባረረ እንኮሎ በየናይ ኩነታት ኤርትራዊ.... ፤ ምናልባትዶ ኤርትራ በጊዕ-ኣፋሲካ ብምግባር ኩሉ ሽግሮም ይፍታሕዶ? ያ...ያ...እ ! ሕማቕ ሕልሚ። እንተ እቲ ኢትዮጵያዊ ሃገርነት ስነ-ሓሳብ ወይ ኣምሓራዊ ኣተሓሳስባ እንብሎ ቅድሚ ሕጂ ንጥቕሚ ካልኦት እምበር ንጥቕሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ዘይነበረ፤ ብሕጂ ውን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘርብሕ ኣይኮነን፤ ጠጃእቱን ተጠቀምቱን መን ምኻኖም ብዘይገድስ ኣህዛብ ኢትዮጵያ ዝርድእዎ ይመስለኒ።

መልእኽተይ ቅድሚ ምድምዳመይ ***ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ መሰረሕን ዓወትን ሙኻኑ*** ከስምረሉ ይፈቱ፤ ሓባርዊ ሓሳብ የድሊ ቅድሚ ኣካላዊ ምትእኽኻብ ። ቀጺለ መንእሰይ-ወለዶ ንእትገብርዎ ዘለኹም ተብግሶን ቃልሲን ብጣዕሚ ዘሐጉስ፤ ዝነኣድ ኢዩሞ ኣጆኹም ቀጽሉ! ዓጋቲ ከህልወኩም ኣይኮነን። ዕማምና ምስቲ ዝጸንሓና ድኽመትን ከቢብና ዘሎ ብድሆታትን ኣዛምድካ ክትርአ እንኮለኻ ሓያል ኢዩሞ ዘይምህዋኽ፤ ቀዳምነታት ምስራዕ፤ኣቱም ኣብ ምውሳእ ትርከቡ ኣብ ነናትኩም ትገብርዎ ስራሕ ከትላዘቡ ዘድሊ ይመስለኒ፤በዚ ኣጋጣሚ ንማሕበራዊ **ማዕከናት ፋኑስን መስተያት-ቤትናን** ከምስግን ይፈቱ ከመይ፤ እቲ ንንዊሕ ዓመታት ቦኺሩ ዝነበረ ኣገዳሲ ዕማም ቃልሲ፤ ንዝተባህለን ዝተገብረን መሚኻ ንህዝቢ ምቅራብ፤ ካብ ህዝቢ ግብረ-መልሲ ምቅባል፤ ብኻልእ ኣዘራርባ እዚ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ህዝቢ ምሕያል፤ ኣቃልቦናን ምትብባዕናን ዘድልዮ ይመስለኒ። እዚ ከብል እንከለኹ ካልኦት ብውልቀ ኮነ ብእኩብ ደረጃ ይሰርሑ የለዉን ማለተይ ከምዘይኮነ ክትርዱእለይ ይፈቱ። ግን ከአ ንኽዳዕ ዘገልግላ ማሕብራዊ ማዕከናት ከም ዘልዋ ኣይረሳዕኩን፤ እቲ ዝገርም ነቲ ከዳዕ ዕርቓኑ ምስ ወጸ ጌና እሙን ኢዩ ቅሰኑ ክብሉ ኩሉ ጌጋ ድማ ንወያኔ ከልግቡላ ይርኣዩ። ዝተወድኤ ጉዳይ ማለት ከዳዕ ተጠሊዑ ሓደ ኢና ንስኻ ምርሓና ድሕሪ ምባሉ ብዛዕባ ልኡላውነት ሃገር ከመጻደቁ ይርኣዩ ይወኣዮም! በዓል ኣይሓፍሩ!!! ልቢ ግበሩ፤ሕጂውን ኤርትራ ሃገርኩም ኣድሕኑ።

ጉዳይ ተቃወንቲ ውድባት ዝብሃላ ኣለዋ ድየን፤ ከየተሓሳሰበኒ ኣይተረፈን፤ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ድኽመት ተቃወምቲና ድኽመትና ድኽመት ህዝቢ ኢዩ ክብል ዘውካእኩ ይመስለኒ፤ እቲ ህዝቢ ተብጊሱ እተን ውድባትከ ኣበይ ኣበላ፧ ምናልባት ዕጥቂ ስሬኤን ከም ቀደሙ እንተድኣ ኮይኑ ዘይምህላው ይምረጽ።

ካል እ ተወሳኺ ብዛዕባ ብሃገር ደረጃ ምጥርናፍን ምቅላስን ዝምልከት ቅድሚ ሕጂ ዝነበራ ፖለቲካዊ ውድባት (ተቓወምቲ) ከም ኡውን ሲቪካት ማሕበራት ምናልባት እውን ሓደስቲ ክስዕባ ይኽእላ ይኾና፤ እቲ ሕቶ ኣብዚ እዋንዚ ኣድላዪ ኢዩ ወይ ኣይኮነን ምባል ኣይኮነን፤እቲ ሕቶ እንታይ ኣወዳድባ ኣለዎም ብዘየገድስ ኣብዚ እዋናዊ ዝድለ ዘሎ ጥርናፈ ብውልቀ ኮነ ብእኩብ ኮይኖም ኣብቲ ብሃገር ደረጃ ዝግበር ምጥርናፍ ከሰማምዑ፤ ከጸምዱ ይግባእ። ኣብዚ ሰዓትዚ ግዜ ምብኻን ጥራሕ ዘይኮነስ መስሓቕ ሽራፋት ሙኻን ኢዩ። ኣንታ ብኤርትራን ኤርትራውነትን ትኣምን እዚ ክትሰግሮ ትኽእል ኢኻ *ሓንትስ እቲ መጋርያ ይተኣጎድ ኩሉ ቐሪሩ፥ እቲ ኣገዳሲ ብዘይ ቐልዓለም ኤርትራን ኤርትራዊነትን ዘንጸባርቕ ራኢ ምህላውን ንዕኡ ንምዕዋት ምስራሕ የድሊ።* ቅድም-ቀዳድም ተኣኪብ ምኽሪ ክርከብ፤ ስራሕ -ምውሳእ ጉዕዞ ከስተኻኽሎ ኢዩ።

ምዝራብ ብዘይ ቐልዓለምሲ ንምእራምን ምትእርራም እሙን ሙኻን ዘድሊ ይመስለኒ!!

እዚ ወድሓንኩም ካብ ሃገራዊ ኣፈወርቂ እምሃ